መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# ልደት ኢየሱስ ክርስቶስ



ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- M. Maillot; Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ E. Frischbutter; Sarah S.

ተርጋሚ፡- ተስፋኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2022 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ቅድሚ ነዊሕ ዘመናት እግዚኣብሄር
መልኣኹ ናብ ሓንቲ ብርኽቲ
ኣይሁዳዊት መንእሰይ ድንግል
ማርያም ዝተባህለት ለኣኸ።
እቲ ዝተላእከ መልኣኽ በለ።




″ወዲ ክትወልዲ ኢየሱስ
ክትሰምዮ ኢኪ በላ። ንሱ ድማ
ወዲ እቲ ልዑል ኣምላኽ ክስምዮ
ንዘለኣለም ድማ ክገዝእ እዩ።″

"እዚ ከመይ ኢሉ ኪኸውን ኣዩ?"
ማርያም ብምግራም ሓተተቶ
"ሰብኣይ ከይፈለጥኩስ" እቲ
መልኣኽ ድማ መንፈስ
ቅዱስ ክወርደኪ
ሓይሊ እቲ ልዑል
ከጽልለኪ። እቲ
ዝወለድ ድማ
ወዲ ልዑል
ኣምላኽ
እዩ።



ወሲኹ እቲ መልኣኽ ንማርያም እታ
ዘመድኺ ኤልሳቤጥ ኣብ እርግንኣ ወዲ
ጠኒሳላ በለ። እዚ ከኣ
ተኣምርዩ ንዓኺውን
ከምኡ፣ ማርያም ብኡ
ንብኡ ተቀላጢፋ
ንኤልሳቤጥ በጽሓታ።
ብሓደ ሓቢረን
ድማ ንኣምላኽ
ኣመስገንኣ።



ማርያም ድማ ንዮሴፍ ዝበሃል
ሰብኣይ ተሓጽያ ነበረት።
ጠኒሳ ምስ ረኣያ ኣዝዩ
ጉሃየ ምናልባት
ካልእ ሰብ ዘጥነሳ
መሲሉዎ ነበረ።



እግዚኣብሄር ግና ጸገም ዮሴፍ
ተረዲኡ ብሕልሚ ከምዚ ኢሉ
ነገሮ እቲ ማርያም ጠኒሳቶ
ዘላ ካብ መንፈስ ቅዱስ እዩ።
ዮሴፍ ድማ ንማርያም
ወሲዱ ተኸናኸና።



ዮሴፍ ንእግዚኣብሄር ኣመኖን ተኣዚዞን፣ ነቲ ሕጊ
ናይ ዓዲ’ውን ተኣዚዞ። ብምኽንያት ዝተዋህበ ኣዋጅ
መንግስቲ ግብሪ ክኸፍልን
ክጻሓፍን ናብ ዓዱ
ቤተልሄም ከደ።



ማርያም ድማ ንሕርሳ
ተቀራረበት ኣብቲ ዝገሸዎ
ዓዲ ግና መዕረፊ ኣጋይሽ
ኣይረከቡን። ኵሉ
ብኣጋይሽ መሊኡ
ጸነሖም።



ዮሴፍ ድማ በቲ ድምጺ እግዚኣብሄር ምስምዑ ዕረፍቲ ረከቦ። ኣብ ጊዜኡ ድማ እቲ ህጻን ኢየሱስ ተወልደ። መዕረፊ ስለ ዘይነበሮም ግና ኣብ መብልዕ ማል ወለደቶ።




ኣብቲ ከባቢ ድማ ከብቶም ዝሕለው ጓሶት ነበሩ።
መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ተራእዮም
እቲ ዓቢ ሓጎስ ልደት
የሱስ
ክርስቶስ ድማ
ኣበሰሮም።



ኣብ ዓዲ ዳዊት መድሓኒ ክርስቶስ ተወሊዱ ኣሎ ነቲ
ህጻን ድማ ምስ ወለዱ ኣብ መብልዕ
ማል ክትረክብዎ
ኢኹም
በሎም።


ብድንገት ድማ ብዙሓት መላእኽቲ ምስኡ
ኮይኖም ከምዚ እናበሉ ኣመስገኑ ״ክብሪ
ንኣምላኽ ይኹን ኣብ ላዕሊ
ስምረቱ
ድማ ምስቶም ኣብ
ምድሪ ዘለዎም
ሰባት ይኹን״ በሉ።

እቶም ጓሶት ድማ ተቐላጢፎም ክርእዩዎ ከዱ። ነቲ ህጻን ድማ ምስ ወለዱ ብዓለባ ተጠቒሊሉ ረኣዮዎ፣ እዚ ምስ ረአዩ። ብዛዕባ እቲ ሕጻን እተነግረሎም ነገር ኣውረዩ።



ድሕሪ 40 መዓልቲ ምንጻህ ድማ ነቲ ህጻን የሱስ ናብ መቅደስ ኢየሩሳሌም ኣምጽእዎ። ስምኦን እቲ ምጽንናዕ እስራኤል ዝጽበ ዝነበረ ድማ ነቲ ህጻን ሓቊፉ ንኣምላኽ ኣመስገነ ከምኡ’ ውን ሃናን ካልኦትን ንእግዚኣብሄር ብዛዕባ እቲ ህጻን ኣመስገኑ።



በዚ ከኣ ዮሴፍን ማርያምን ኢየሱስ
ወዲ እግዚኣብሄር ምዃኑ ፈለጡ፣
ዮሴፍ ከምቲ ኣብ ሕጊ
እግዚኣብሄር እተባህለ
ኸኣ, ክልተ ባሬቶ
ንመስዋእቲ
ኣቕረበ።





ሰብ ጥበብ
ድማ ኮኮብ
ኣብ ምብራቅ
ርኢና እሞ

ክንሰግደሉ "እቲ እተወልደ
ንጉስ ኣይሁድ ኣበይ ኣሎ"
እናበሉ ካብ ምብራቕ
ናብ የሩሳሌም መጹ።

ንጉስ ሄሮድስ ብዘላ
ኢዮርሳሌምን እዚ ሰምያም
ሰንበዱ። ሄሮድስ ንሰብ
ጥበብ ረኪቡ ድማ ኬድኩም
ብዛዕባ እቲ ህጻን ኣርጊጽኩም
መርምሩ። ምስ ረኸብኩምዎ
ኣነ ከኣ መጽኤ ክሰግደሉ
ኣፍልጡኒ በሎም። ከምኡ
ዝበሎም ግና ነቲ
ህጻን ክቐትሎ
ኢሉ እዩ



ሰብ ጥበብ ካብ ንጉስ ምስ ወጹ እቲ ኣብ ምብራቕ ዝረኣዮዎ ኮኮብ ኣብ ልዕሊ እቲ ህጻን ዘለዎ ቦታ መጺኡ ደው ክሳዕ ዝበል መርሖም፣ ናብ ቤት ኣትዮም ነቲ ህጻን ምስ ማርያም ኣዲኡ ረኣይዎ ፍግም ኢሎም ሰገድሉ። ሳጽኖም ከፊቶም ከኣ ወርቅን ዕጣንን ከርበን ገጸ በረኸት ሃብዎ።



እግዚኣብሄር ናብ ሄሮድስ
ከይምለሱ ብሕልሚ ምስ
ተራእዮም ብኻልእ መገዲ ናብ
ሃገሮም ተመልሱ ሄሮድስ . . .



. . . ሰብ ጥበብ ከም ዘላገጽሉ
ምስ ረኣየ ብዙሕ ኰረየሎም
ንኵሎም ህጻናት ቤተልሄም
ቀተለ።



ንወለዱ ብሕልሚ ኣቀዲሙ
ተገሊጽሎም ስለዝነበረ ንግብጺ
ከይዶም ጸንሑ። ካብቲ ሞት
ህጻናት ድማ ብኸምዚ
ኢየሱስ ተረፈ።





ሄሮዶስ ምስ ሞተ
እንሆ ኣብ ግብጺ
መልኣኽ እግዚኣብሄር
ንዮሴፍ

ብሕልሚ ተራእዮ’ ሞ
”ተንስእ ነዚ ህጻንን ነዲኡን ሒዝካ
ናብ ምድሪ እስራኤል ኪድ” በሎ፤

ኣብ ምድሪ ገሊላ
ናዝሬት እትብሃል
ከተማ ተቀመጠ።



በዚ ድማ ኢየሱስ
ናዝራዊ ተባህለ።

# ልደት ኢየሱስ ክርስቶስ

ዘንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ማቴ 1-2 ሉቃ 1-2

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፥130

መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ
መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኲልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ
ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ።
ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ
ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ
ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና
ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ
ኲሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና
እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኹ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንስኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3፡16